**መንግስተ ሰማይ ኣብ ቀረባ ግዜ፣ ነቲ መወዳእታ ክፋል ዓብዪ መደብ እግዚኣብሄር  ንምድሓን ደቂ ሰብ ክትእውጅ ኢያ**

ሰሉስ፣ ሕዳር 26፣ 2013 ሰዓት 12፣53

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንኩሎም እቶም ብስመይ ዝተሳገጉ፣ ንምንታይ እዚ ከምዝኸውን ክርድኡ እደሊ። ናይ መስቀል ሞተይን እቲ ዝሓለፍኩዎ ስቓይን፣ ንወዲ ሰብ ካብ ባርነት እቲ ኣራዊት መታን ኬድሕን ኢለ ምኺነይ ዘክሩ። መስቀለይ፣ ክትስከምዎ ኣብ ዘለኩም፣ ኣዝዩ ከቢድ ጽዕነት ምኺኑ ፍለጡ። ንመስቀለይ ኬተልዕሉ እንከለኹም በቶም ርጉማት ጥራይ ዘይኮነስ ብሓቂ ብዜፍቅሩኒ እንተኾነ ግን ናይ ምልላይ ክእለት ዘይብሎም ቐዱሳት ሰባት ከይተረፈ ክትጽልኡ ኢኺ።

ንመስቀለይ ኣልዒልኩም ንኣስተምህሮታተይ ክትፍጽሙ እንከለኹም ክትጽልኡ ኢኹም። ነቲ ኣብ'ዞም መልእኽታተይ ዘሎ ሓቅታት ብምእዋጅ መስቀለይ ኣብ እተልዕሉሉ ግዜ፣ ቅድሜኹም ካብ ዝመጸ ዝኾነ ካልእ ደቂቀ-መዝሙር ንላዕሊ ክትዋረዱን ክትጽልኡን ኢኹም። ካብ ናይ መስቀል ሞተይ ንደሓር ዝኾነ ካልእ ተልእኾ፣ ምስ'ዚ፣ ናይ መወዳእታ፣ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዝፈቐዶ  ተልእኾ ኣይክወዳደርን ኢዩ። ከም'ዚ እንተዘይከውን ኔሩ፣ ዕሽሽ ምተባህለ ኔሩ። ኣብ ክንድኡ ግን፣ ቃለይ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ክስማዕ ኢዩ፣ ከምኡ ድማ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ብኩሉ ሰብ ክስማዕ ኢዩ፣ እንኮላይ ብጸላእተይ። **ማንም ንቃለይ ዕሽሽ ኣይክብልን ኢዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ዝኸውን ኣይኮነን። ቃል እግዚኣብሄር ክስማዕ እንከሎ'ሲ፣ ዝኾነ ሰብ፣ ኩነታት ነፍሱ ብዘየገድስ፣ ብገለ መልክዕ ግብረ-መልሲ ምሃቡ ዘይተርፍ ነገር ኢዩ።** እቶም ናብ ልብታቶም ክበጽሕ ዝፈቕዱለይ ብፍቕረይ ክሳዓሩ ኢዮም፣ ግን ክዕብለሉ እውን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ድምጺ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ከም'ዚ ዓይነት ግብረ-መልሲ ክስሕብ ዝኽእል።

እቶም ሕጂ ትሰምዑኒ ዘለኹ ጽን በሉኒ። ርዝነት መስቀለይ በጃኹም ተቐበልዎ፣ ክንደይ'ኳ ብሰንኩ ጽዕነትኩም ይኸብድ ብዘየገድስ። እዚ መስቀል ኬድክመኩም ኢዩ፣ እንተኾነ ነቶም ኬድሕኖም ዝምነ ነፍሲታት ጸላእተይ ዝኸውን ናይ ሕድገት ፍረ ኬፍሪ ኢዩ። ምስጓግኩም ዓብዪ ይኸውን፣ ሓዘንን ጓሂን የስዕበልኩም ይኸዉን፣ እንተኾነ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት'ሲ እዚ ናተይ ስራሕ ስለዝኾነ ኢዩ። **ስርሔይ፣ ኣብ ዘይማራስሓሉ፣ ኣብ ሞንጎ እቶም ንዓይ ዝምልሱለይ ሕሱም ስቅያት ይፈጥር። እንተኾነ ግዳ፣ ስቅያትኩም ሓጺር ክኸውን ኢዩ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ ክርሳዕ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ሰማያት ናይ** መወዳእታ ክፋል ዓብዪ ውጥን እግዚኣብሄር ንድሕነት ደቂ ሰብ ኣብ ቀረባ ግዜ ክትእውጅ ስለዝኾነት። ድሕሬኡ ዓለም ክትሕደስ ኢያ ከምኡ'ውን ፍቓሪ እግዚኣብሄር ክሳብ ፍቓድ እግዚኣብሄር ዝፍጸም ኬስፋሕፍሕ ኢዩ።

የሱስኩም

**ቃንዛ፣ ምስጓግ፣ ስቅያት፣ ባጫን ላግጺን ወትሩ ዕጫ እቶም ሕሩያት ነፍሲታት እግዚኣብሄር ክኸዉን ኢዩ**

ዓርቢ፣ ሕዳር 29፣ 2013 ሰዓት 16፣45

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ስለምንታይ ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ዓለም ስቅያት የፍቅድ ክትሓቲ እንከለኺ፣ ሽዑ'ሲ ፍቓድ እግዚኣብሄር ክትርድኢ ኣለኪ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ኣለም ይሳቐዩ ኣለዉ፣ ኩል ግዜ ድማ ይሳቐዩ ኔሮም ኢዮም። ስቅያት ዝተፈጥረሉ ምኽንያት'ሲ ሓጥያት ኣብ ሞንጎ ሰባት ምክፍፋል ስለዝፈጥር ኢዩ። ሓጥያት ንሰብ ካብ እግዚኣብሄር ይፈልዮ፣ ብኸምዚ ድማ ሰብ ኣንጻር ሰብ ክሓጥእ ኢዩ። ስቅያት ዘፍቅደሉ ምኽንያት ነፍሲታት፣ ብመንገዲ እዞም ነፍሲታት ዝሓልፍኦ ምንጻህ፣ ናባይ ስለዘቕርቦም ኢዩ። ብስቅያት ኣይሕጎስን ኢየ። ኣብ ክንድኡ፣ **ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስቓይን ጓሂን ኬሕልፍ ዝግብኦ ነፍሲ ኣነ ኣለኹ። ገለ ነፍሲታት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ምስቓዮም'ሲ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኢዩ፣ ምኽንያቱ ብመንገዲ ከምዚ ዝኣመሰሉ ግዳያት ኢዮም ካልኦት፣ ከምኣቶም ንምሕረተይ ብቑዓት ዘይኮኑ ነፍሲታት፣ ክድሕኑ ዝኽእሉ።**

ኣብ ግዜ ሕማማተይ ብፍቓደይ ኢየ ተሳቒየ፣ እንተኾነ ቃንዛይን ውርደተይን ነቲ ዝበዝሕ ሓይሊ ሰይጣን ሰዓሮ። ሰይጣን ነብሱ ኣየትሕትን ኢዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ፈጺሙ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለ'ዚ ኢዩ ድማ፣ ብመንገዲ ደድሕር'ዚ ቃንዛ ስቅያት ዝስዕብ ትሕትና፣ ነፍሲታት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ንዘለዎ ሓይሉ ኬፋኹሳኡ ዝኽእላ። **ቃንዛ፣ ምስጓግ፣ ስቅያት፣ ባጫን ላግጺን ወትሩ ዕጫ እቶም ሕሩያት ነፍሲታት እግዚኣብሄር ክኸውን ኢዩ። እዚኦም ነፍሲታት ናባይ ዝቐረቡ ኢዮም፣ ነቲ መስዋእቲ ናታቶም ንካልኦት ዝያዳ ምሕረተይ ዘድልዮም ነፍሲታት፣ ናብ ዑቕባ ድሕነት፣ ክስሕብ ክጥቀመሉ ኢየ።**

እዚ ትምህርቲ ንኩሉኹም እቶም ንዓይ እተፍቅሩኒ ዘበልኩም ኣሸጋሪ ክኾነኩም ኢዩ፣ ዘይርትዓዊ እውን ክመስል ኢዩ። እንተኾነ ስቅያት ዝያዳ ናባይ ከምዘቕርበኩምን ምሳይ ዘልኣለማዊ ሂወት ኣብ ገነት ከምጽኣልኩም ምኺኑ ፍለጡ። **ንኣብ ዓለም ዘሎ ስቅያት ንእግዚኣብሄር ኣይትውቀስዎ፣ ምኽንያቱ ካብ መጀመርታ ህሞት'ሲ፣ ደቂ እግዚኣብሄር ብናይ ትዕቢት ሓጥያት ምስተምበርከኹ፣ ሽዑ ብዝመጸ ውድቀት ዓሌት ደቂ ሰብ ዝሰዓበ ስለዝኾነ።**

**ትዕቢት ሱር ኩሉ ሓጥያት ኢያ፣ ንዝበዝሖ ኣብ ዓለም ዘሎ ስቅያት ድማ ጠንቁ ኢያ።** ትዕቢት ናብ ነፍሲ ወከፍ ካልእ ሓጥያት ይመርሕ፣ እዚ ድማ ኣብ ዓለም ምምቕቓልን ሕጽረት ፍትሒን ይፈጥር። ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ግዜ ዓለም ኣብ መወዳእታኡስ ንሓቀኛ ትርጉም ፍቓድ እግዚኣብሄር ክትርድኦ ምኺና ተኣማመኑ። ሽዑ ግዜ፣ ፍቓድ ሰብ ስለኽብሪ ቅዱስ ፍቓድ ኣቦይ ክሰግድ ኢዩ። ክሳብ እታ መዓልቲ እትመጽእ፣ እታ ሰብ ንትዕቢት ወጊዱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጎይታ፣ እቲ ኣዝዩ ልዑል፣ ነብሱ ዜትሕት፣ ስቅያት መወዳእታ ክህልዎ ኣይክእልን ኢዩ።

ዓለም ኣብ መወዳእታኡ ነቲ ሓቂን ብዛዕባ ዳግማይ ምምላሰይ ንዝገበርኩዎ መብጽዓ ክትቅበል እንኮላ፣ ሽዑ ንነፍሲ ወከፍ ንብዓት ካብ ዓይንኹም ክሕብስ ኢየ። ንህሉዋንን ንሙታንን ብክብሪ ኬተንስኦም ኢየ'ሞ ብዓብዪ ግርማ ኣብ'ተን ብኣይ ዝሓብራ ሓዳስ ገነትን ሓዳስ ምድሪን ክሰፍኑ ኢዮም። ስቅያት ኬተሕልፉ እንከለኹም፣ ሰላም ይሃልኹም፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ኬብቅዕ ኢዩ'ሞ።

የሱስኩም

**ናይ ሰይጣን ስልቲ ብመጀመርያ ንኣመንቲ ምዕሻውን ምትላልን ኢዩ፣ ቅድሚ ንዕኦም ምድምሳሱ**

ቀዳም፣ ሕዳር 30፣ 2013 ሰዓት 15፣50

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንዓለም ከመይ'ኳ የፍቅራ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ'ዚ ግዜ ካባይ ጠፊኣ ዘላ ንጽል ነፍሲ ከመይ ከምዝብህጋ። ንነፍሲ ወከፍ ንጽል ሰብ ከምዘናድዮን ናብ መለኮታዊ ምሕረተይ ክስሕቦ ከምዝፍትንን  ቃል እኣቱ። ህላወይ፣ ፍቕረይን፣ ርህራሄይን ነፍሲ ወከፎም ክፈልጡዎ ክገብር እደሊ። **እቶም ፣ ኣብ'ዚ እዋን ንዓኺ ንንኡሰይ ዝገልጸልኪ ንብዓታተይ፣ ነቶም ንመለኮታዊ ምትእትታወይ ዘይቅበሉን ብሰንኩ ድማ ናብ ባዶሽ ሕሱም ምትላል ብርእሶም ዝሸከሉን ንዓኣቶም ኢዩ ዝፈስስ ዘሎ።**

ሕማማተይ ሕጂ ክድገም ኢዩ፣ ኣካለይ ሓድሽ መግረፍቲ ክገጥሞ ኢዩ፣ ንሱ ድማ እቶም ኣረሜን - ብናይ ሓሶት ሽፋን ሰላም፣ ፍቕሪን፣ ትሕትናን ዝመጹ - ንቤተ ክርስቲያነይ ቅድሚ ምስቃሎም ክረግጹዋ እንከለዉ ኢዩ። እቶም ለባም መንፈስ ዘለዎም ነቲ ሓቂ ክፈልጥዎ ኢዮም። እቲ ኩናት መሪር ክኸዉን ኢዩ ከምኡ'ውን እቲ ዓብዪ ህያብ፣ ብሰራዊት ሰይጣን ዝድለ፣ ነፍሲታት ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ኢዩ።

**ነፍሲታት ኣመንቲ እቲ ናይ መጀመርያ ዕላማ ሰይጣን ክኸውን ኢዩ፣ ኣብ'ዚ ኢዩ ድማ ኩሉ ሓይሉ ኬተኩር።** ናይ ሰይጣን ስልቲ ቅድሚ ንኣመንቲ ምድምሳሱ ምዕሻዎምን ምትላሎምን ኢዩ። እቶም ዘይኣመንቲ ንሰይጣን ብዙሕ ኣይስሕቡዎን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ ነፍሲታቶም ድሮ ተዓዊቱሎም ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ንሳቶም ብዙሕ ኣይብድህዎን ኢዮም። ኣቦይ ኣብ ሓደ ወገን ኮይኑ ነዚ ኣቐዲሙ ዝተነበየ ራዕዲ ትም ኢሉ ኣይክዕዘብን ኢዩ። እቲ ኣብ መዋእል ዝዓበየ መንፈሳዊ ውግእ ክገሃድ እንከሎ፣  ነፍሲ ወከፍ ተኣምር፣ ነፍሲ ወከፍ ጻውዒት ካብ ሰማይ፣ ከምኡ'ውን ነፍሲ ወከፍ ጣልቃ ምእታው ክርኤ ኢዩ።

እቶም ምስ ብልሓም ዝተወልዱ ነቲ ሓቂ ይፈልጡዎ ማለት ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ንሓቅታት ፍጥረቶም ብመንገዲ ሰብኣዊ ስነ-ሞገት ስለ ዝትንትንዎ ኢዩ። እቶም ንእግዚኣብሄር ንጹህ ፍቕሪ ኣብ ልብታቶም ሒዞም ዝውለዱ ነቲ ሓቂ ክቕበልዎ ኢዮም፣ ዋላ እንተደናገሮም፣ ምኽንያቱ ልብታቶም ናይ እግዚኣብሄር ኢየን፣ ከምኡ'ውን ብህያብ ምምማይ ክባረኹ ኢዮም። እቶም ንቃል እግዚኣብሄርን ነፍሲታት ንምድሓን ኣቦይ ንዝገብሮ ጣልቃ ምእታው ዝተቓለሱዎን ከምኡ'ውን እቶም ነፍሲታት ከየድሕን ዝኽልክልዎ፣ ብትሪ ክፍረዱ ኢዮም።

ስለ ነፍሲታት ዝግበር ውግእ ክቕጽል እንከሎ፣ ናባይ ተመሊስኩም ክድግፈኩም፣ ክሕልወኩምን ኬጸናንዓኩም ክትሓቱኒ ኣለኩም። **ምሳይ ክትኮኑ እንከለኹም፣ ነዚ ሕሱም ጽምዋ ንዓኹም ብዘገርም ህድኣት ኬተሕልፍዎ ኢኹም። ብኣይ ክትኣምኑ እንተዘይክኢልኩምን ሙሉእ ብሙሉእ ንዓይ ስዩም እንተዘይኢልኩም ግን፣ እዞም ኣብ ቅድሜኹም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ዝጸንሑኹም ፈተናታት ዳርጋ ዘይክኣሉ ክኾኑኹም ኢዮም፣ ኣዝዮም ኣቐንዘውቲ ክኾኑ ኢዮም።**

እግዚኣብሄር ኩሉ ዝክኣሎ ሓያል ምዃኑን ሰይጣን ድማ ነዚ ናይ ነፍሲታት ውግእ ክስዕር ከምዘይክእል ፈጺምኩም ክትርስዑ የብልኩምን። እቲ ዘሕዝን፣ ብዙሓት ኣብ እምነቶም ጽኑዓት ኣይክኾኑን ኢዮም ወይ ድማ ነቲ ብስመይ ዝገጥሞም

ምትሳል ከላልይዎ ክእለት ኣይክህልዎምን ኢዩ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ቅድሜይ ፈጺሞም ነፍሲ.ታቶም ኬድሕኑ ኣይክኽእሉን ኢዮም።

እዚኣቶም እቶም ኣብ'ዚ ግዜ መሪር ጓሂ ዘስዕቡለይ ነፍሲ.ታት ኢዮም።

የሱስኩም

**ጸሎት ገድሊ (130) ናይ ድሕነት ኖቪና (መዓልታት ጸሎትን ወፈያን) ጸሎት ገድሊ፡-**

*ፍቕርቲ ኪዳነ ምሕረተይ፣ በኻኺ ብመንገዲ ምሕረት ወድኺ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ንኩሎም ነፍሲታት ህያብ ዘልኣለማዊ ድሕነቶም ርኸብሎም።*

*ብኣማላድነትኪ፣ ኩሎም ነፍሲታት ካብ መቖሕ ሰይጣን መታን ክፍትሑ ክትጸልዩሎም እምሕጸን ኣለኹ።*

*በኻኺ ንወድኺ ነቶም ዝነጽጉዎ፣ ብዘይምግዳሶም ዝሃስይዎ፣ ከምኡ'ውን ናይ ሓሶት ኣስተምህሮን ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ዘምልኹን ምሕረት ኬርኢ ሕተትዮ።*

*ክብርቲ ኣደ፣ ልቢታት እቶም ብዝያዳ ሓገዝኪ ዘድልዮም ነፍሲታት ንምኽፋት ዘድሊ ጸጋታት ክትልምንሎም ንምሕጸነኪ። ኣሜን።*

ንደቂ ሰብ ኣብ ዘለዎ መደብ ንወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ክሕግዞ ዝኣተኹዎ መብጽዓ፣ ንኩሉኹም እቶም ከም መንጎኛ ኩሉ ጸጋታትን ሓባራዊት መድሓኒት ነቲ ተራ ናተይ እትቕበሉዎ፣ ብሓባር ክእክበኩም ኢዩ፣ መታን ኩላ ዓለም ከም ሓንቲ ኮይና ምስ መድሓኒኹምን መላሲኹምን የሱስ ክትሓብር።

ብሰላም ተጓዓዙ። ኣነ ኩልግዜ ክጽልየልኩም ኢየ፣ ክቡራት ደቀየ፣ ከምኡ'ውን ወዲ ሰብ ብዓይኒ እግዚኣብሄር ክማሓር ንእትገብርዎ ጻውዒት ኩልግዜ ክምልሰልኩም ኢየ።

ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ዳግማይ ብስጋ ፈጺመ ኣይመላለስን ኢየ**

ሰሉስ፣ ታሕሳስ 3፣ 2013 ሰዓት 19፣45

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኩሎም እቶም ብስመይ ከምዝመጹ ዝዛረቡን መንገዲ ጎይታ ንጸርግ ኣለና ዝብሉን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ዓለም ገዛእ ነብሶም ከም እትስማዕ ክገብሩ ኢዮም - ብዙሓት ድምጽታት፣ ብዙሓት ነቢያት፣ ብዙሓት ሓሰውቲን - ኩላቶም፣ ብዘይ ስልጣን እግዚኣብሄር።

ንቑሓት ኩኑ፣ ብፍላይ ካብ እቲ ንዳግማይ ምጽኣተይ ከዳልወኩም ግዴታ ኣለኒ ክብል እትሰምዕዎ ነቢይ። **ነዚኦም ነገራት ክትሰምዑ እንከለኹምን ኣብ ዓለም ክርኤ ምኺኣነይ ክነግሩኹም እንከለዉን፣ ክልቴኡ ብኣካልን ብነፍሲን፣ እዚ ሓቂ ዘይምኻኑ ፍለጡ። ክደግሞ ኢየ፣ መጠንቀቕታይ ንዓለም። ብስጋስ ፈጺመ ደጊመ ኣይክመላለስን ኢየ። እቲ መጀመርያ ብስጋ መጺኤ ኢየ፣ ግን ዳግማይ ክመጽእ እንከለኹ ልክዕ ከምቲ ካብ ምድሪ ክወጽእ እንከለኹ ዝኸድኩዎ መንገዲ ኢየ ክምለስ - ኣብ ውሽጢ ደበናታት።**

ኣብ ቀረባ ግዜ፣ ከም ዓበይቲ ስራሓት ኣብ ምድላው ዳግማይ ምጽኣተይ ዝውሰዱ፣ ዓበይቲ ግብርታት ከም እትርእዩ ክኸዉን ኢዩ። **ብዙሓት ብጥንቃቑ ዝተወደቡ ተኣምራታውያን ፍወሳታት፣ በቶም ካባይ ምኻኖም ዝዛረቡ ንዓለም ክቐርቡላ ኢዮም። ብዙሓት ድማ ካብ ምድንጋሮም ዝተላዕለ ድማ ነዚ እከይ ምትላል ክወድቁ ኢዮም።** ብዙሓት ኣዝዮም ካብ ምግራሞም ዝተላዕለ በዚ ክፉእ ምትላል ክርትዑ ኢዮም። ብዙሓት መስተንክራት፣ ዓበይቲ ግብርታት - ኩሎም ብኢድ እግዚኣብሄር ከምዝኾኑ ዝሕሰቡ- ነቶም ተጠራጠርቲ ክይተረፈ መለኮታዊ ተኣምራታት ከምዝተፈጸሙ ኬእምኖም ኢዩ። **ዓበይቲ ጕንፆታት ነቶም ንህዝበይ ንመርሕ ኢና ዝብሉ ናይ ሓሶት ወከልቲ ክፈሩሎም ኢዮም።  ብዙሕ ከይጸንሔ ድማ ዓለም ነዞም ኣምሰሉታት፣ ህያዋን ጻድቃናት ኢዮም ኢላ ክትእውጅ ኢያ፣ ብድሕሬኡስ ነቲ ጸረ-ክርስቶስ ዘላልዩሉ ግዜ ርሑቕ ኣይክኸዉንን ኢዩ።**

ኩሎም እዞም ምድላዋት ንሸውዓተ ዓመታት ዝተወጠኑ ኢዮም፣ ስለ’ዚ ድማ እቶም ከምዚ’ኦም ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ለውጢታት ዝተኣታተዉሉ ዘሎ ናህሪ’ሲ ብኣጋጣሚ ኣይኮነን። ዳግማይ ምጽኣተይ ስሩዕ መዛረቢ ነጥቢ ክኸዉን ኢዩ። ኩሉ ነዚ ዓብዪ ፍጻመ ክዳሎ ክንገሮ ኢዩ፣ እንተኾነ ጌጋታት ኣብ ክርስቲያናዊ ኣስተምህሮ ኣዝዩ ክበዝሕ ኢዩ። እቶም ዓይኖም ብኽፉቱ ዘለዉ ጥራይ፣ እቶም ነቲ ሓቂ ክርእዩ ዝኽእሉን ነቲ ሓቂ ክገጥሙ ፍርሒ ዘይብሎምን ኢዮም ንውሽጢ እዞም ሓሶታት ሓሊፎም ክርእዩ ዝኽእሉ። ንዓኣቶም ድማ፣ እዚ ከም ከቢድ ጾር ክኾኖም ኢዩ። ኣብ ሞንጎ ኩሉ እዚ ዓውዓውታ፣ እቲ ማእለያ ኣልቦ ኣብ ልዕሊ እቶም መንበራት ጥበብ ዝሰረቑ ዝኹመር ውዳሴ፣ ንቅዱስ ቃለይ ዝምልከት ዘረባ ሒደት ክኸዉን ኢዩ። ኩሉ እቲ ዝዛረቡሉ ዘበለ ብዛዕባ ኣገዳስነት ሰናይ ተግባራት ጥራይ ክኸዉን ኢዩ። ብዛዕባ እቲ ከም ቃል እግዚኣብሄር፣ ንድሕነት ከተናዲ ዘድሊ ስራሓት ዋላ ሓንቲ ቃል የለን።

እታ ምድራዊት ዓለም ኣብ መወዳእታኡ ለዚባ ምስቶም ንቤተ መቕደስ እግዚኣብሄር ዝቆጻጸሩዎ  ናይ ሓሶት ኣምሰሉታት ክትሓብር እንከላ፣ ድሕሬኡ ኣብ ቀረባ ግዜ እቲ ዝዓበየ ጽያፍ ዝርኣየሉ ግዜ ክኸዉን ኢዩ። እሱ ድማ እቲ ቤተ መቕደስ

መንበር ናይ'ቲ ጸረ-ክርስቶስ ክኸዉን ተባሂሉ ምስተፈጥረ ኢዩ። ሸዑ እዋን፣ እቶም ነቲ ጸረ-ክርስቶስ ዘምልኽዎ ቁጽርታቶም ብቢልዮናት ክኸዉን ኢዩ። እንተኾነ ግዳ፣ እቶም ነቲ ሓቂ ዝፈልጡዎ ብዙሕ ዝጽበይዎ ግዜ ኣይክህልዎምን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ግዝኣት ናይ'ቲ ኣራዊት ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ስለዝኸዉን። ድሕሬኡ ድማ እቲ መለኽት ክስማዕ ኢዩ። ኣብ'ታ ዕለት ድማ እዞም ጸላእቲ እግዚኣብሄር፣ ልክዕ ከም'ቲ ዝተነበየ፣ ናብ ቀላይ ሓዊ ክድርበዩ ኢዮም።

ነቶም ትንቢታት ዘክሩዎም። ልክዕ ከምቲ ዝተነበይዎ ክፍጸሙ ኢዮም - እቶም ብስመይ መጺና ዝብሉ ኣምሰሉታት፣ ክፍቀሩ፣ ክነኣዱን፣ ክምለኹን ኢዮም። እቶም ብስመይ ዝመጹ ክናዓቑን ክጽልኡን ኢዮም። ግን ካብ ኣፋቶም ሓዊ እቲ መንፈስ ሓቂ ክመጽእ ኢዩ፣ ብስቅያቶም ድማ ብካልእ ክድሕኑ ዘይክእሉ ዝነበሩ ብዙሓት ካልኦት ክድሕኑ ኢዮም።

ናትኩም የሱስ

## ኣቱም ኩሉኹም ኣምሰሉታት ወይለኹም፣ ካባይ ኣይኮንኩምን ትመጹ እሞ

ረቡዕ፣ ታሕሳስ 14፣ 2013 ሰዓት 10፣30

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኣፈይ እትመጽእ ቃል ካብ ኣፍ ናይ’ቲ ዝሰደደኒ ከም እትመጽእ ፍለጢ። ነፍሲ ወከፍ ብመንገዲ እዞም መልእኽታት ንዓለም ዝተዋህበ መጠንቐቕታ፣ ካብ’ቲ ልዕሊ ኩሉ ዝኾነ ንሱ ኢያ እትመጽእ። ብስም ኣቦይ ኢየ ዝመጽእ፣ ንሱ ድማ ቅድሚ እታ ዓባይ መዓልቲ ዳግማይ ምጽኣተይ፣ ምድሪ እትባረኸሉ መንገዲ ንከዳሉ ኢዩ ዝልእኸኒ።

ዜና ናይ’ቲ ኣቦይ ደቁ ክፈልጡዎ ብዛዕባ ዝምነዮ ነገር፣ ደሃይ ናተይ ጥራይ ኢዩ ዘምጻኣልኩም። **ብዛዕባ ሓቕነት እቶም ብመንገዲ እቲ ዓብዩ ክሕደተ-እምነት ንዓለም ኣብ ክልተ ዝጨዱዋ ዘይቅዱሳት ክልተ፣ ብቓልዕ ዝነግሩ መልእኽታት እዚኦም ጥራይ ኢዮም። ንዳግማይ ምጽኣተይ ብዝምልከት፣ ኣብ ዝኾነ ካልእ ቦታ ነቲ ሓቂ ኣይክትሰምዑዎን ኢኹም፣ ምኽንያቱ ሓደ እኳ ካብ ሞንጎኹም ንብምልእታ ዓለም ኣብ ክንዲ እቲ ሓደ ዝፈጠረኩም ኮይኑ ክዛረብ ስልጣን ዝተዋህቦ የለን።**

እቲ ናይ መወዳእታ ሓቀኛ ነቢይ ነቲ ሓቂ ክገልጸልኩም እንከሎ፣ እቲ ናይ ብሓሶት ድማ ከምኡ ድምጹ ልዕል ከብል ኢዩ፣ ልክዕ ከም’ቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ዝነግር ገንሸል። ድሕሬኡ ድማ ንጉስ እዛ ምድሪ - እቲ እከይ - ኣንጻር ምትእትታው መንግስተ ሰማያት ክቃለስ እንከሎ፣ ኣማኢት ናይ ሓሶት ነቢያት ኣብ ሞንጎኹም ክትስኡ ኢዮም፣ ፈጺሞም ድማ ነቲ ሓቂ ኣይክነግሩኹምን ኢዮም። እቶም ካብ ሓሳባት ገዛእ ርእሶም ዝነቕሉ ራእያቶምን ቃላቶምን - ብዙሕ ግዜያት ድማ ካብ’ቲ መንፈስ ክፉእ - ነቶም ክትሰምዕዎም እትደልዩዎም ጽቡቓት ነገራት ክገልጹልኩም ኢዮም። ክትጸናንዑ ከድልየኩም እንከሎ ኬጸናንዑኹም ኢዮም፣ እንተኾነ ግዳ ኬጋግዩኹም ኢዮም። ብዛዕባ ሰላም ክዛረቡ ኢዮም፣ ሰላም ኣብ ዘይብሉ - ብዛዕባ ሓቂ’ውን፣ ኑፋቔ ኣብ ዘለዎ - ብዛዕባ ብዙሕ ምህርቲ፣ ኣብ’ቲ ጥሜት ዝህልወሉ። ነቲ ሓቂ’ሲ ፈጺምኩም ኣይክትሰምዑዎን ኢኹም፣ ምኽንያቱ እዞም ሓሰዉቲ’ሲ ንቁጥዔኹም ኬውርዱ ኣይክደልዩን ስለዝኾኑ።

**እቲ ሓቂ ንክውንነት እቶም ኣብ መጽሓፍ ኣቦይ ተነቢዮም ዘለዉ ኣሸገርቲ ግዜያት ኬዳልወኩም ኢዩ።** መታን ጽኑዓት ክትኮኑ ኢዩ ተዋሂብኩም። እንተኾነ እቶም ኣብ ሞንጎኹም ዝጓዝሙ ናይ ሓሶት ነቢያት ኬደናግሩኹምን ኩሎም ነገራት ጽቡቕ ከምዘለዉ ክነግሩኹም ኢዮም - ሕማቕ እንከለዉ፣ ከምኡ’ውን ቅዱሳት ኢዮም ክብሉኹም ኢዮም - ከይኮኑ እንከለዉ። ነቶም ነፍሲታት ደቂ እግዚኣብሄር ክውሕጡ ዝደልዩ ተኹሉ ኬዕቁቡዎም ኢዮም። ናይ ፍቕሪ ቃላቶምን ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ምጥቃሶምን ኬደናግሩኹም ኢሎም ጥራይ ኢዮም። እንተኾነ ግን፣ ብዙሓት ካባኻትኩም ኣብ ክንዲ ነቲ ሓቂ ትገጥሙዎ ነቶም ሓሶታት ክትቅበልዎም ኢኹም።

ኣቱም ኩሉኹም ኣምሰሉታት ወይለኹም፣ ካባይ ኣይኮንኩምን ትመጹ እሞ። ናባይ መጺኹም ከም’ዚ ክትብሉኒ እንከለኹም፣ “ግን፣ የሱስ፣ ኩሉ ክንገብሮ ዝደለናዮ’ሲ ነቲ ጽቡቕ ዜና ክነባጽሕ ኢዩ።” ኣውጺኤ ክሰጎኩምን ክትስደዱን

ኢ.ኹም። ብዛዕባ ፈጺምም ንዓኻትኩም ዘይተዋህቡኹም ተልእኾታት እንዳሓሰኹም ጠሊምኩምኒ ኢ.ኹም። ንዓይ ብምቅራንኩምን ኣብ ኣደባባይ ቃለይ ሓሶት ምኧኑ ክትነግሩ እንከለኹም'ሲ ንዓይ ትኸሕዱኒ ኣለኹም።

ኣብ መንገዲ ናይ እግዚኣብሄር ኣገልግሎት ደው ክትብሉ ፈጺምኩም ከይትፍትኑ፣ ምኽንያቱ ሰማያት ከኽፈታን ንስኻትኩም ድማ በቲ ናይ ሓሶት ነቢይን በቲ ኣራዊትን እትውቅዑ እቶም ናይ መጀመርያ ክትኮኑ ኢ.ኹም፣ ኣብ'ቲ መወዳእታ ግዜ። ኣብ ልዕሊ እቶም ብስመይ መጺእና ዝብሉን ንሓደ ዕላማ ጥራይ ዜገልግሉን መቕጻዕቲ ክወርድ ኢዩ። ንሱ ድማ ንቃል እግዚኣብሄር ምትንኻፍን ምዕንቃጽን ኢዩ። ውግእ ኣርማጌዶን እናቐረበ ክመጽእ እንከሎን፣ እዚ ማዕበላዊ ኲናት ብሰራዊት ሰይጣን ኣንጻር ደቂ እግዚኣብሄር ኣብ ዝውልዓሉ ግዜ፣ ኬተልግሱ ኣለኩም፣ ሕጂ ሕጂ፣ ምኽንያቱ እንተዘየልጊስኩም፣ ቁጥዔ እግዚኣብሄር ክትቅበሉ ኢ.ኹም፣ ንስኻትኩም ኮነ ነቲ ሓቂ ንምቅዋም እቶም ካብ ኣፋትኩም እትደጉሑዎም ሓሶታት ዝውሕጡዎም ዘበሉ ድማ ዝኾነ ምሕረት ኣይክትርእዩን ኢ.ኹም።

መድሓኒኹም

የሱስ ክርስቶስ

ኪዳነ ምሕረት፦- ወደይ ነፍሲታትኩም ኬድሕን ኢዩ ሞይቱ፣ ካብ ክፉኣት ናይ'ዚ ዓለም ነጻ ኬውጻኣኩም ኣይኮነን

ሓሙስ፣ ታሕሳስ 5, 2013 ሰዓት 14፣00

**'ዛ ጓለይ፣ ጸላእቲ እግዚኣብሄር ከም ክዳን ኣባጊዕ ዝተኸድኑ ተዃሉ ለቢሶም፣ ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ብትዕቢት ደው ኢሎም ነቶም ብዛዕባ እቶም ንዓለም ዘጠንቐቕኩዎም ኑፋቔታት ክእውጁ ክጅምሩ እንከለዉ ዓለም ንትንቢታት ላ ሳሌት ክትርኢ ኢያ። እቲ ግዜ መጺኡ ኣሎ።**

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ፣ ደልሃመት ኣብ ልዕሊ እታ ቤተ ክርስቲያን ድሮ ወሪዱ ኣሎ፣ እቲ ንነፍሲታት እቶም ኣመንቲ ናይ ምውሓጥ ውጥናት ክቐጽል ኢዩ ክሳብ ከም መደባት እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣካል ወደይ ዝራኸስ። እቲ ብዙሓት ሰባት ዘይፈልጡዎ'ሲ ጸላእቲ እግዚኣብሄር፣ በቲ ብሕጂ ነብሱ ዝገልጽ ጸረ-ክርስቶስ ዝምርሑ፣ ብእግዚኣብሄር ይኣምኑ ኢዮም። ብእግዚኣብሄር ይኣምኑ ጥራይ ዘይኮነ፣ ንኹሉ ምስ እግዚኣብሄር ርክብ ዘለዎ ዘበለ ስለዝጸልኡስ፣ ኣንጻር እቲ ንሱ ንዳግማይ ምጽኣት ወደይ የሱስ ክርስቶስ ንዓለም ኬዳልዋ ንዘለዎ ውጥናት ውዲት ክኣልሙ ኢዮም።

ንነፍሲ ወከፍ ብመንገዲ እዞም መልእኽታት እዚኦም ወደይ ዝእውጆ ቃል፣ ነቲ ዝብሎ እንዳቔድሑ ክቃረኑዎ ኢዮም። ወደይ ብመገዲ እቶም ምስጢራት ቤተ ክርስቲያንን ጸሎትን ሕጂ ተዳለዉ እንተ ኢሉ፣ ንሳቶም፣ እቶም ጸላእቱ፣ ከምኡም ዓይነት ቃላት ክብሉ ኢዮም፣ እንተኾነ ፍሉያት ክኾኑ ኢዮም። ንደቂ ሰብ ምሕጋዝ ዝግበር ጻውዒት - ነቶም ድኻታት - ነቶም ዝህደኑ - እቲ ቀንዲ ጠመትኦም ክኸዉን ኢዩ፣ ቃሉ ምእዋጅ ኣይክኸዉንን ኢዩ። ንነፍሲታትኩም ኮነ ንነፍሲታት ካልኦት ነፍሲታት ክትጽልዩ ኣይክደፍኡኹምን ኢዮም። ኣይፋል፣ ኣብ ክንድኡስ፣ ነዚኤን ነፍሲታት ብዓይኒ ሰብኣዊነት ክትሕግዙወን ክሓቱኹም ኢዮም።

ካብ'ቶም ንቤተ ክርስቲያን ወደይ ንውክላ ኢና ዝብሉ፣ ነፍሲታትኩም ኬተድሕኑ ጻውዒት ኣብ ዘይትሰምዑሉ ግዜ፣ ሽዑ ብውሽጢ ልብኹም ክትፈልጡ ኢኹም፣ ሓደ ነገር ኣምሪሩ ዘይቅኑዕ ከምዘሎ።

ወደይ ነፍሲታትኩም ኬድሕን ኢዩ ሞይቱ፣ ካብ ክፉኣት እዚ ዓለም ኬድሕነኩም ኢሉ ኣይኮነን፣ እዚ ክፉኣት ክሳብ ወደይ ነቲ ብልዑል እግዚኣብሄር ቃል ዝተኣትወሉ ግቡእ ዙፋኑ ዜምልስ ክህሉ ኢዩ። **ቃል እግዚኣብሄር ፈጺምኩም ክትርስዑዎ የብልኩምን። ሕጂ እቲ ካብ ኩሉ ዘገድስ ንድሕነት ኩሎም ነፍሲታት ምልማን ኢዩ - ነገስታት ይኹኑ ነዳያት ብዘየገድስ።**

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ኣነ፣ ልዕሊ ኩሉ፣ ኣምላኽ ዓብዪ ምሕረት ኢየ**

ቀዳም፣ ታሕሳስ 7, 2013 ሰዓት 14፣25

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ **ኩሉኹም እቶም ተፍቅሩኒ ኣብ'ዚ እዋን ከም ንኣሽቱ ህጻናት ናባይ መጺኹም ኣብ ቅድመይ ክትብርከኹ እጽውዕ ከምዘለኹ ክትፈልጡ እደሊ ኣለኹ።**

**ልብታትኩም ከፊትኩም ሙሉእ እምነታትኩም ኣባይ ኣንብሩ። ድሕሪኡ፣ ብመንገዲ ንኩሉኹም ዘለኒ ፍቕሪ፣ ነቶም ኣብ ግዜ'ቲ መጠንቐቕታ ዝነጽጉኒ ምሕረት ኬርኢ ሕተቱኒ።** በጃኹም ነዞም ካባይ ኣዝዮም ርሑቓት ንዘለዉ ነፍሲታት ጸልዩሎም፣ ምኽንያቱ ኣብ'ቲ እዋን *ምንቕቓሕ ሕልና*፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ንኩሉ-ዝርእያ የዒንተይ ገጾም ኬርእዩ ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ ክረኽቡዎ ኢዮም።

እቶም ንዓይ ዘይፈልጡኒ ወይ ከኣ ኣብ ዓለም እንታይ ክፍጸም ከምዝኾነ ዘይርድኦም ሰባት ክርኢ እንከለኹ ብቓንዛ እስበር፣ ምኽንያቱ እቲ ግዜይ ኣብ ልዕሊኦም ዳርጋ ቀሪቡ ኣሎ። ነዚኦም ነፍሲታት ምድላዎም'ሲ ዳርጋ ዘይከኣል ኢዩ፣ ምኽንያቱ ነቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ፈጺሞም ኣእዛኖም ኣይከኸፍቱን ኢዮም እሞ። ስለ'ዚ ድማ፣ ንስኻትኩም ብመንገዲ ጸሎታትኩም፣ ምሕረት ለምኑሎም። **ብምሕረት ክሓጽቦም ኢየ፣ እንተኾነ ኣዝዩ ጥውይዋይ ዝበዝሖ ዕማም ክኸዉን ኢዩ።**

**ሙሉእ ዓለም ነዚ ጻውዒት'ዚ ክሰምዕ ሎሚ እጽውዕ ኣለኹ።** ግዜይ፣ እቲ ኣብ መስቀል ክመውት እንከለኹ ልበይ ህርመታ ጠጠው ካብ ዘበለትሉ ህሞት ንደሓር ብዝዓበየ መርኣያ እግዚኣብሄር ኣብ መወዳእታኡ ነብሱ ንዓለም ዝገልጸሉ ግዜ፣ ዳርጋ በጺሑ ኣሎ።

እቶም ንመብጽዓ ዳግማይ ምጽኣተይ እትፈልጡ ዘበልኩም ኣብ ቅድሚኢይ ክትመጹ እንከለኹም፣ ክትጽልዩ እምሕጸነኩም ኣለኹ፣ ንነፍሲታትኩም ጥራይ ዘይኮነ፣ እንኮላይ ነቶም እተኾነኑ ነፍሲታት። እዚ ሕጂ ዝነግረኩም ዘክሩዎ። ኣብ'ቲ ዕለት፣ ከም'ዚ ኢልኩም ክትሓቱኒ እደልየኩም፡-

*“የሱስ፣ ስለ'ቶም ኩሎም ንዓኻ ዝነጽጉን ልዕሊ ኩሉ ረድኤትካ ዘድልዮም ዘበሉ ምሕረት እሓትት ኣለኹ። ኣሜን።”*

ንካልኦት ክሕግዙ ክትሓቱኒ እንከለኹም፣ ኣብ'ታ ህሞት፣ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዕድላቶም ብሰንኪ ምትላል እቲ ዲያብሎስ ዝተዓንቀጸ፣ ኣዝዮም ፍሉያት ህያባት ኬውርድ እኽእል ኢየ።

ኣነ፣ ልዕሊ ኩሉ፣ ኣምላኽ ዓብዪ ምሕረት ኢየ። ምሕረተይ ክሳብ ክንደይ ዓብዩ ምዃኑ ፈጺምኩም ከይትርስዑ፣ ምኽንያቱ ነቶም ካባይ ርሒቖም ዝወደቑ ኩልግዜ ተስፋ ስለዘሎ። ናብ ፈቃር ሕቑፈይ ንኺምጽኦም ዘይገብሮ ነገር ፈጺሙ የለን። መታን ኬድሕኖም ሓግዙኒ።

ናትኩም የሱስ

**ዓለም ንዳግማይ ምጽኣተይ የዳልዋ ኣለኹ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ክጸልኡኒ ኢዮም**

ሶኒ፣ ታሕሳስ 9፣ 2013 ሰዓት 16፣15

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ከምቶም ብመንገዲ ኣቦይ ንዓለም ዝተዋህቡ ኣስተምህሮታተይ ይፈልጡ ክንሶም፣ ንገዛእ ድሌታቶም ከምዝጥዕም ጌሮም ዝትርጉምዎ ጌሮም ዘቐይመኒ ነገር ፈጺሙ የለን። **እቶም ንቅዱስ ቃለይ ተጠቒሞም ንኻልኦት ክድንድኑዎምን ኬሳቕይዎምን ዝፍትኑ ዓብዪ ጌጋ ይፍጽሙ ኣለዉ። ነቲ ሓቂ ንኽነግሩስ ህያብ ፍቕሪ ኣይጥቀሙን ኢዮም። ኣብ ክንድኡ፣ ካብ ሓጥያት ትዕቢት ዝነቅል ጽልኢ ኣብ ሰራውር ደሞም ይመላለስ።** ቃለይ ዘልኣለማዊ ምዃኑ ኣይትፈልጡን ዲኹም? ኩሎም ሰባት እንኮላይ እቶም ምስ ዝነኣሰ ኣእምሮ ዝተወልዱ ኮነ፣ ኮነ እቶም ብዛዕባይ ዝኾነ ፍልጠት ዘይብሎም፣ መታን እቲ ኣነ ዝብሎም ክርድኦም’ሲ ቀሊል ኢዩ። ስለምንታይ ኢየ ሓደ ትርጉም ቃለይ ንሓደ ሰብ፣ ነቲ ሓደ ካልእ ሰብ ድማ ካልእ ትርጉም ዝህብ?

ብመንገዲ ትእዛዝ ኣቦይ፣ ዓለም ንዳግማይ ምጽኣተይ ኤዳልዋ ኣለኹ፣ ብዙሓት ድማ ብሰንክ’ዚ ክጸልኡኒ ኢዮም። እቶም ንገዛእ ርእሲታትኩም ከም እቶም ዝበለጽኩም፣ እቶም ውሑዳት ሕሩያትን ገዛእ ርእሲኹም ከም ነቢያት ዝሰመኹም፣ ኣእጋረይ ክትሕብሱ ኣይትበቕዑን ኢኹም፣ ኣዚኹም ብጽልኢ ዝተመላእኩም ኢኹም። ብክፉእ መንፈስ ተደፊእኩምን ኣዚኹም ብትዕቢት ተወጢርኩምን፣ ንሓቀኛ ድምጺ እቲ ቅዱስ መንፈስ ዕዉራት ኢኹም። እቲ ቅዱስ መንፈስ ኣብ ልዕሊ እተን ዝደንደናን ብጽልኢ ዝተመልኣን ነፍሲታትኩም ኣይክወርድን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ንስኻትኩም ንዓይ ኣይትውክሉንን ኢኹም። **እቶም ነቲ ኣብ እቲ ኣዝዩ ቅዱስ መጽሓፍ፣ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ሰፊሩ ዝርከብ ሓቂ እትርድኡ፣ ነዚ ዓብዪ ህያብ ፍልጠት ብዘይግቡእ ክትጥቀሙሉ ከምዘይብልኩም ፍለጡ ኢኹም። ካብኡ ኬተጉድሉ ወይ ድማ ክትውስኹ የብልኩምን። ካብኡ ዝኾነ ሓድሽ መብርሂ ኮነ ትርጉማት ክትፈጥሩ እውን የብልኩምን።**

**ንኩልኻትኩም ኤዳልወኩም ኣለኹ፣ ምኽንያቱ እቶም ዝበዛሕኩም ካባኻትኩም’ሲ ንመለኮታዊ ምሕረተይ ብኻልእ ኣገባብ ኣይምተቐበልኩሞን። ኣነ ብግቡእ እንተዘየዳልወኩም’ሲ ንስኻትኩም ድሉዋት ኣይምኾንኩምን።** ዛጊት ድማ፣ ዋላ ሕጂ ይዛረብኩም እምበር፣ ብዙሓት ካባኻትኩም ንዓይ ትጸርፉ ኢኹም። ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክፉእ ክትፍጽሙ እንከለኹም፣ ኣዚኹም ክትሳቐዩ ኢኹም። እቶም ካባኻትኩም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክፉእ እትፍጽሙ’ሞ ድሕሪኡ ድማ ብስመይ ከምእትገብሩዎ ክትዛረቡ እንከለኹም፣ ኣብ ገነት ምሳይ ከምዘይትኾኑ ክትፈልጡ ኣለኩም። ቃል እግዚኣብሄር ክትነጽጉዎ እንከለኹም’ሲ ነቲ ሓቂ ፈጺምኩም ኣይክትቅበልዎን ኢኹም። ኣዚኹም ነቓጻት፣ ብኣነነትን ብነብሰ-ቅንዕና ካብ ምምላእኩም ዝተላዕለ እቲ ካባይ ካብ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ዝመጽእ ሓቀኛ ፍቕሪ ክስማዓኩም ኣይክእልን ኢዩ። ካባይ ርሓቑ፣ ኣይፈልጠኩምን ኢየ። ካባይ ኣይኮንኩምን።

መንፈስ እቲ ኽፍኣት ንብዙሓት ፍትሒ ናተይ ኣዝዩ መሓሪ ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ ኩሉኹም ናብ’ታ ሓዳስ ገነተይ ከምእትኣትዉ ንብዙሓት ኬእምን ኢዩ። **ኣብ ቀረባ ግዜ፣ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ወንጌላት ዝተሰነደ ሓቂ ክኽለስን ድሕሬኡ ድማ ብዝተፈለየ ሓድሽ ብርሃን ክትርጎምን ኢዩ። ብዙሓት ክታለሉ ኢዮም፣ ብዙሓት ድማ ንነፍሲታቶም ኬዳልዉወን ኣይክግደሱን ኢዮም፣ እንኮላይ እቶም ብዳግማይ ምጽኣተይ ዝኣምኑ።** እዚ ናይ ሓሶት ስምዒት ውሕስነት እቲ ዝዓበየ

ምትላል ክኸዉን ኢዩ፣ ወዲ ሰብ መንግስቲ ኣምላኽ ንኽወርስ ንዘለዎ ተፈጥሯዊ መሰል ንምኽልኡ ዝተሃንደሰ። ሰብ ሓጢኣቶም ክሕደገሎም ብምድላይ ዕርቂ እንተዘይደልዩ፣ ብዓይነይ'ሲ ድሕነት ዝበሃል የለን።

ናይ ፍትሒ ኢደይ ኣብ ልዕሊ ዓሌት ወዲ ሰብ ብኣልማማ ክትወርድ ኢያ። ነቶም ሞሳ ኣልቦ ነፍሲታት - እቶም ንናይ ወርቂን ብሩርን ናይ ሓሶት ኣማልኽቶም ዜምልኹን ዓለማውያንን ትዕቢተኛታት መራሕቲን - ካብ'ቶም ሕያዋንን ትሑታትን ነፍሲታት ክፈልዮም ኢየ። ነቶም ዑቕባይ ዝሓቱ ኩሎም ምሕረት ኬርኢ ኢየ፣ ግን እቶም ዓው ዓው በሃልቲን ስሱዓትን፣ ነፍሲታት ክኼልኡኒ ዝኾኑ፣ ነብያት ኢና ዝብሉን፣ ንምሕረተይ ኣይክደልዩዋን ኢዮም፣ ምኽንያቱ እቲ ትዕቢቶም'ሲ ካባይ ንዘልኣለም ክፈልዮም ጥራይ ኢዩ ዘገልግል።

ናትኩም የሱስ

## ንሱ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ብዙሕ ቋንቋታት ክዛረብ ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ሓንቲ’ኳ ትኹን ቃል ላቲን ካብ ከናፍሩ ኣይክትወጽእን ኢያ

ሶኒ፣ ታሕሳስ 9፣ 2013 ሰዓት 19፣46

ኣዚኺ ፍቕሪ ጓለይ፣ ግዜይ ቀሪቡ ኣሎ። እታ ዓባይ መዓልቲ ብዝቐረበት ቁጽሪ፣ ብዙሕ ምልክታት ኣብ ዓለም ክርኣያ ኢየን።

**እቲ ንዓለም ከም ‘እቲ ናይ ሰላም ሰብ’ ዘርእይዎ ሰብኣይ ብኹሉ ክሕሰብ ዝከኣል መዳይ ከም’ዚ ከማይ ክመስል ይዳሎ ኣሎ። ንቅዱሳት ጽሑፋት ውሽጦምን ደጊኦምን ይፍልጦም ኢዩ፣ ብሰንኪ ትውልዱ ድማ፣ ነቶም ቃላት ካብ ድሕሪት ንቕድሚት ኬንብቦም ኢዩ፣ መታን እቲ ትርጉሞም ክግምጠል።** ካብ ኣፉ ድማ እቶም ጽያፋት፣ እቶም ኑፋቔታት፣ እቶም ሓሶታትን፣ እቶም ምርኻስ ቃላተይን ክፈስሱ ኢዮም። ብዛዕባ ኩሎም ቅዱሳት ነገራት ዘበሉ ብዘለዎ ፍልጠት ድማ ንኩሉ ሰብ ክምስጥ ኢዩ። ካብ ኩሉ ምድራዊ መደረኻት ናይ ዓለም ኮይኑ ብብርቱዕ ስምዒት ዝእውጀም ካብ ኣስተምህሮታተይ ዝወጹ ክጠቅስ ኢዩ፣ ክሳብ ብድድ ኢሎም ዘስትብህሉሉ።

ብዙሓት ከም’ዚ ክብሉ ኢዮም፡- “መን’ዩ እዚ ብከምዚ ዓይነት ጥበብ ዝዛረብ ሰብ? መን’ዩ እዚ ንህዝቢታት ኣብ ልቡ ፍቕሪ ሒዙ ንዓለም ዝጽውዕ? እቲ እግዚኣብሄር ጎይታ፣ የሱስ ክርስቶስ ድዩ?” ክሓቱ ኢዮም፣ ብዙሓት ተኣምራት ናቱ ኢዮም ኣብ ዝበሃለሉ። ምስቶም ከም ቅዱሳት ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ኮይኖም ዝለብሱ ካልኦት ጸላእተይ ኮይኑ ኣብ’ቲ መሰውኢታተይ ክስጉም እንከሎ፣ ብኽልቲኦም ክፋላት ናይ ዓለም ሙሉእ ብሙሉእ ቅቡል ክኸዉን ኢዩ - በቶም ሓቀኛ ኣመንቲን በቶም እምነት ዘይብሎምን።

**ንሱ፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ፣ ነቲ ሓቂ ጠውዩ፣ ንሱ ኣነ የሱስ ክርስቶስ ምኧኑን ድሕነትኩም ኬምጽእ ከምዝመጸን ዝብል ሓሶት ክነግር ኢዩ። እቲ ሓሶት’ሲ ንሱ ብስጋ ከምዝመጸ ኢዩ ክነግር።** ነቲ ብስጋ ዝመጸ የሱስ ክርስቶስ ንናይ መስቀል ሞቱ ፈጺሙ ኣይኬውስእን ኢዩ፣ እዚ ፈጺሙ ዘይካኣል ኢዩ’ሞ። ኣይፋል፣ ነቲ ሓቂ ብግምጣሉ ኢዩ ክነግሮ። መወዳእታኡስ፣ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን፣ ብስጋ ከምዝመጸ ኢዩ ንሱ ክዛረብ። **ንሱ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ብዙሕ ቋንቋታት ክዛረብ ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ሓንቲ’ኳ ትኹን ቃል ላቲን ካብ ከናፍሩ ኣይክትወጽእን ኢያ።**

እቲ ኣራዊት ክምለኽ እንከሎ፣ ኣነ፣ እቲ ናይ ብሓቂ መድሓኒ ዓለም፣ ክርሳዕን ቃላተይ ድማ ክርገጹን ኢዮም። እቲ ኣራዊት፣ ኣብ’ቲ ንክብሩ ተባሂሉ ዝተደኮነ ቤተ-መቕደስ ብትዕቢት ተቐሚጡ፣ ንዝዝርግሖም ሓሶታት ፈጺምኩም ክትኣምኑዎም የብልኩምን።

ናትኩም የሱስ

**እቲ ኣነነትኩም ተፈታዊነት ክደሊ እንከሎ ነቲ ሓቂ ኣይክተውጽእዎን ኢኹም**

ሰሉስ፣ ታሕሳስ 10፣ 2013 ሰዓት 23፣00

ኣዚኺ ዝተፈቖርኪ ጓለይ፣ **በቶም ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያንነይ ዘለዉ ኣዝዩ ተፈታዊነት ዘለዎ ሰብኣዊነት ብድሕሬኡ ንዘሎ ናይ ሓሶት ትሕትና፣ ማዕረ ክንደይ ሰባት ከምዝቕበልዎ ክርኢ እንከለኹ ክንደይ ከም ዘቖንዝወኒ።**

**ከም መድሓኒን መድሕንን ዓሌት ወዲ ሰብ ዘለኒ ተራ ሕጂ ተረሲዑ ኣሎ።** እቲ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንነይ ዘሎ፣ ናይ ሓሶት ትሕትና፣ ምርኣዩ ክቕጽል ኢዩ፣ ኩሉ ድማ ነቶም ስእነት ዘለዎም ሰባት ዝግበር ዓይነታዊ ሓገዝ ዘቐድሙ ሰባት ክንእድዎም ኢዮም። እዚ ኩሉ ድማ ናብ ናይ ሓሶት ሃይማኖት ኬምርሕ ኢዩ።

መዓስ ኢኹም፣ እቶም ነብሲኹም ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ኢና እትብሉ ሰባት፣ ነቲ ሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ብናይ ገዛእ ርእስኹም ኣበረኛ ትርጉም ዝተካእኩሞ? **መዓስ ኢኹም'ከ ንክርስትና በቲ ንዓይ ዘይጠቅስ ሰብኣዊነት ዝተካእኩ'ሞ?** ካብ'ቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጽእ እንተዘይኮይኑ ዋላ'ኳ ከምዘይመጽእ ኣይትፈልጡን ዲኹም? እቶም ሰናያት ዝበሃሉ ስራሓትኩም - ኣብ ዓይነታዊ ሓገዝ ብምትኳርኩም - ከቶ ነቲ ሓቂ ክትክእዎ ይኽእሉ ኢዮም ኢልኩም ትኣምኑ እንተ ኼንኩም ክንደይ ሒደት ኢኹም ተማሂርኩም፣ ክሳብ ክንደይ ዓያሱ ድማ ኢኹም።

ነቲ ቀዳማይ ተራኹም ዕሽሽ ክትብሉዎ እንከለኹም - እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ትምህርቲ ሃይማኖት ምድሓን ነፍሲታት ደቂ እግዚኣብሄር - ድሕሬኡስ ኣገልገልተይ ምዃንኩም ፈጺምኩም ክትዛረቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ንድኻታት፣ ንምግዱራትን ብቑጠባ ዝተሓረሙ ኣባላት ናይ ሕብረተሰብኩም ንምድሓን እትገብርዎ ጻውዒት ከመይ ይቕልለኩም። ነዚ ናይ ዓለም ናእዳ እትደልዩሉ ሰናይ ግብርታት እትብሉዎ ዝተጋገየ መንገዲ ብምስዓብ'ሲ፣ ነቲ ዝተጸዋዕኩምሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ ተራኹም ትርስዑ ኣለኹም። ንሱ ድማ ንዓይ ንየሱስኩም ምግልጋል ኢዩ። ብቅዱስ ስመይ ውልቃዊ ተፈታዊነት ንምድላይ ኣይኮነን። **ንዝኾነ ሰብ ፍጥረታዊ ምቾት ኣብ ሂወት ምርካብ እንታይ ይዓብሰሉ፣ ነፍሶም ኬድሕኑ ክሳብ ዘይካእሉ?** ካብ ምድራዊት ዓለም ኣድናቖት ትደልዩ እንተ ኼንኩም፣ ብመንገዲ እቶም ፍቱዋት ክገብሩኹም ዝተቐየሱ ህዝባዊ ተግባራት፣ ሽዑ'ሲ መስቀለይ ኣይትጾሩን ኣለኹም ማለት ኢዩ። ንዓይ እንተዘይመሲልኩም፣ ሽዑ'ሲ ኣብ ክንዳይ ክትዛረቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እቲ ኣነነትኩም ህቡብነት ክደሊ እንከሎ ነቲ ሓቂ ኬተካፍሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ነፍሲታትኩም ኬድሕን ዝገበርኩዎ መስዋእቲ ክትርስዑዎ እንከለኹም፣ ሽዑ'ሲ ኬተግልግሉኒ ኣይትኽእሉን ኢኹም። **ሓደ ካህን ስለምንታይ ኣገልጋሊ ናተይ ከምዝኾነ ምኽንያቱ እንተረሲዕዎ፣ ካብ ጸጋ ምውራዱስ ዓሰርተ ግዜ ካብ ሓንቲ ተራ ነፍሲ ዝዛየደ ኢዩ።** ምኽንያቱ ካባይ ነብሱ ኬልግስ እንከሎ ነቶም ንሱ ዝጸልዎምን ነቲ ናቱ ሚዛን ዝኣምኑ ነፍሲታት ምስኡ ሒዝዎም ስለዝኸይድ። **ሕጂ ስምዑ፣ ኣቱም ኣገልገልተይ፣ ነዚ፣ ነቶም ብመንገዲ ምስጢረ ካህናት ኣብ ርእሲኦም ንዝተሸምኩሞም ነፍሲታት ንምድሓን ንዝኾነ ጻውዒተይ።** ነቲ ዝተምሃርኩሞ ምድጋም ክትስእኑ እንከለኹም፣ ነቲ ሓቂ ትምህሩ የለኹምን። ሰብኣዊነት ክተዋዓውዑ እንከለኹምን ነቶም ኣብ ሃገረ-ስብከትኩም ዘለዉ ምእመናን ከምኡ ክገብሩ ኬተተባብዑዎም እንከለኹምን፣ ንዓይ ትነጽጉኒ ኣለኹም። ንዓይ፣ ንየሱስ ክርስቶስ፣ በቲ ንማሕበራዊ ፍትሒ ንምቕዳም

ዝብል ድሌት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ቅድሚ የዒንቲ ካልኦት ስለ ሰናይ ግብርታትኩም ሞገስ ብምድላይ ንዓይ ተኪእኩምኒ። ሞገሳቶምን እቲ ተፈተውቲ ናይ ምዃን ድሌትኩም ማለት'ሲ ንስኹም ድሕሪ ደጊም ንዓይ ተገልግሉ የለኹምን ማለት'ዩ። ንዓይ ኣብ ዘይተገልግሉሉ እዋን ድማ፣ ነብሲኹም ኣብ ጌጋ ክትወድቐ ትፈቕዱ ኣለኹም ማለት ኢዩ፣ ስለ'ዚ ኣብ ቀረባ እዋን በቲ ዝግባኣኩም መንገዲ ንዓይ ፈጺምኩም ኣይክተመስግኑኒን ኢኹም።

**እቶም ውሑዳት፣ እቶም ሕሩያት፣ ጥራይ ኢዮም ክሳብ እታ መወዳእታ መዓልቲ ኬገልግሉኒ። ኣብ'ታ ዕለት፣ ብዙሓት ካብ'ቶም ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተክርስቲያነይ ኣገልገልቲ ኢና ኢሎም ነብሶም ዝጽውዑ ክበኽዩን ምሕረት ንኼርእዮም ብዓውታ ክልምኑኒን ኢዮም። ሽዑ'ሲ፣ ድሮ ቢልዮናት ነፍሲታት ኣጥፊኦምለይ ኣለዉ፣ ንብዙሓት ካብኣቶም ድማ ኣብ'ቲ ጽያፍ ካብ ምቁምጥዖም ዝተላዕለ፣ ናይ ዕጫኦም ሓቅነት ምርዳእ ኣይክኽእሉን ኢዮም፣ ክሳብ ኦሮማይ ዝኸውን።**

ኣቱም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከም ኣገልገልተይ መጠን ከቢብኩም ብዝርከብ ናይ ጽምዋን ምድንጋርን ስምዒታት ተሻቒልኩም እትርከቡ ተበራበሩ። ኣብ ኩል ግዜያት ኣብ'ቲ ሓቂ ጸኒዕኩም ጽንሑ። ከም ቅዱሳት ኣገልገልተይ መጠን ተራኹም ንመዃሰይ በቲ ሓቂ ምምጋብን ነፍሲታቶም ንምድሓን ንዘድልዮም መግቢ ከምዝተቐበሉ ምርግጋጽ ምዃኑ ዘክሩ።

ስራሕኩም ነፍሲታት ክተምጽኡለይ ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**<u>ኪዳነ ምሕረት፡- ኣብ’ታ በቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ቅድሚ ቁሩብ ግዜ ዝተሓደሰት ቤተ ክርስቲያን ናይ ክብሪ ሊቅነት መዓርግ (ዶክትሬይት) ክዋሃቦም ኢዩ።</u>**

ረቡዕ፣ ታሕሳስ ፲፩፣ 2013 ሰዓት 22፣05

‘ዛ ዓለይ፣ **እዛ ዓለም ብዓበይቲ ስራሓት ረዲኤት ዝመስሉ ተግባራት ክትታለል ኢያ።** ረድኤት ንኻልኦት ኣብ ቅድሚ የዒንቲ እግዚኣብሄር ከም እቲ ኣዝዩ ዓብዩን ኣዝዩ ተደላዩን ባህሪ ምዃኑ ክእወጅ ኢዩ።

እቶም ንመንግስታት፣ ኣብያተ ክርስቲያንን ሃገራትን ዝቆጻጸሩ ኣብ ዝሓብሩሉ እዋን ግዜ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣምላኽ ዝያዳ መቐየዲ ክረኽቡ ኢዮም። ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብካ ዝያዳ ዕድል ዘይገበሩ ቀይዲ ማለት ክልተ ነገራት ማለት ክኸውን ይኽእል። ወይ ንጽቡቕ ዕላማ ወይ ድማ ንግጉይ ምኽንያት ኢኻ ክትጥቀመሉ ትኽእል።

ኣብ’ዚ ኣሸጋሪ መንገዲ ድሕነት፣ ኩሉኹም ንድሌት ወደይ ትኩራት፣ ምስ ኩሉ ኣድህቦኹም፣ ኳይንኩም ክትጸንሑ ክሓተኩም ኣለኒ። ብዙሓት እሙናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር፣ ዋላ’ኳ ሰናይ ሕልና ይሃልዎም እምበር፣ ኣብ መንገዲ ድሕነት ንኽጸንሑስ ኣዝዮም ድኹማት ክኾኑ ኢዮም። ንወደይ ክኽሕዱዎ በቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ዝኾኑ ኣብ ልዕሌኦም ዘሎ ጸቕጢ ኣዝዩ ካብ ምብርትዑ ዝተላዕለ ካብ’ቲ ሓቂ ርሒቖም ክወድቁ ኢዮም።

**እቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ሓያል ዝኾነ ዓለማዊ እምነት ኬተኣታቱ ኢዩ፣ እዚ ድማ ንነፍሲ ወከፍ መናፍቕ ኬዕግብ ኢዩ። እቶም ዝበዝሑ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ወደይ ዘለዉ ክታለሉ ኢዮም፣ እንተኾነ ግዳ ዳርጋ ፍርቂ ዝኾኑ ቅዱሳት ኣገልገልቲ ወደይ ነቲ ምስ ቅዱስ ቁርባን ሓደ ምዃኑ ዝንገረሉ ናይ መወዳእታ ማሕላ ምምሓል ክኣብዩ ኢዮም። ቅዱስ ቁርባንን ምርኻሱን ሕምብርቲ ኩሉ እቲ ቅሬታን ምፍንጫልን ክኸውን ኢዩ።** ድሕሬኡ እቶም ናይ ሓሶት ተኣምራት ናቱ ኢዮም ስለዝበሃሉሉ፣ ብዙሓት ናይ ዓለም ግኑናት ሰባት ኣብ ደምበኡ ሞገስ ክረኽቡ ነቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ክኸቡዎ ኢዮም። ሽዑ ድማ ናይ ክብሪ ዝርዝር ስም ኬዳሉ ኢዩ፣ ሽዑ ድማ ኣብ’ታ በቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ቅድሚ ሓጺር ግዜ ዝተሓደሰት ግን ከኣ ቀፎ ናይ’ታ ቅድሚኣ ዝነበረት ጥራይ ብዝኾነት ቤተ ክርስቲያን  ናይ ክብሪ ሊቅነት (ዶክትሬይት) ክዋሃቦም ኢዩ። ስለ’ቲ ኣብ ትሕቲ ኣላዩነት እቲ ኣምሰሉ ኮይኖም ብሓላፍነት ዝኣለይዎ ዓብዩ ናይ ረድኤት ስራሓቶም ኩሎም ብልጫታቶም ክቕበሉ ኢዮም። ነፍሲ ወከፎም ናይ’ቲ ኻልእ ውዳሴ ክዝምሩ ኢዮም፣ ክሳብ ብቓልዕ ነቲ ናይ ሓሶት ነቢይ፣ ብምኽንያት እቶም ከም ኣገልጋሊ እግዚኣብሄር ኢዩ ፈጢርዎም ዝብልዎም ተኣምራት፣ ህያው ጻድቕ ኢዩ ኢሎም ዝእውጁ። ድሕሬኡ ድማ፣ **ንሱን እቲ ጸረ-ክርስቶስን ንዝበዝሔት ዓለም ክቆጻጸሩዋ ኢዮም፣ እንተኾነ ግዳ ሩሲያን ሌኸርያን ኣይክሕወስኣን ኢየን፣ ምኽንያቱ እዚኤን ክልተ ግዝኣታት ክሳብ ሮም እትድምሰስ ኣንጻር እታ ሓዳስ ባቢሎን ክላዓላ ስለዝኾና።**

ኩሎም እዞም ፍጻመታት ክፍጸሙ ኢዮም’ሞ ንኣብያተ ክርስቲያን ከም ንዕብየቶም፣ ማለት ንናይ ረድኤት ስራሓቶም፣ ብሓበን ዝገልጹለን ቦታታት ክጥቀሙለን እንከለዉ፣ ሽዑ ኩርዓት ንሓሳባቶም ከም ዝገዝእ ብንጹር ክትርእዩ ኢኹም። ሮም ምስወደቐት፣ ብዙሓት መከራ ክህልዉ ኢዮም፣ እንተኾነ ሓጸርቲ ዝዕድሚኦም ክኾኑ ኢዮም። ድሕሬኡ፣ እቲ ግዜ ምምላስ ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ በጺሑ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ነዞም ትንቢታት ዕሽሽ ክትብሉዎም የብልኩምን። ሓንሳብ ምስ'ቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝእወጅ ናይ ሓሶት እምነት ምስ ወገንኩም፣ ንወደይ የሱስ ክርስቶስ ተወግድዎ ኣለኹም ማለት ኢዩ'ሞ፣ ካብ ምሕረቱ ክትርሕቁ ኢኹም። ንዝኾነ ናብ ምንፍቕና ክመርሓኩም ንዝፍትን ሰብ ክትብሉ ንዘልኣለማዊ ሂወት ዘለኩም መሰል ፈጺምኩም ከይትሓድጉዎ።

ኣፍቃሪት ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**<u>በዚ መንገዲ ክትሳቐዩ እንከለኹም፣ ብዙሓት ነፍሲታት ተምጽኡለይ ኣለኹም፣ እቶም ነፍሲታት ዘምጽኡለይ ድማ ናተይ ኢዮም</u>**

ረቡዕ፣ ታሕሳስ 11፣ 2013 ሰዓት 22፣30

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኣብ ውሽጢ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ዘሎ ምትላል እናዓበየ ክኸይድ እንከሎ፣ ዝያዳ ብዙሓት ነፍሲታት ብናይ ሓሶት ትሕትናን በቶም ንጸገም ድኻታት ዝግበሩ ዓበይቲ ህዝባዊ ግብርታት ርህራሄ ተባሂሎም ዝጽውዑ ክሰድዓ ኢዮም።

ነቲ ሓቂ ንምልላዩ ኣዝዩ ኣሸጋሪን ኣዝዩ ከቢድን ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ብዙሓት ንገዛእ ርእሶም ናብ'ቲ ካባይ ዘይመጽእ ሓድሽ ኣስተምህሮ ብቐሊሉ ክውሰዱ ክፈቕዱ ኢዮም። ንስኻትኩም፣ ፍቑራት ሰዓብተይ፣ ከመይ ኢሎም ሰባት ኣብ ሓፋሽ ከም ዝገንሑኹም፣ ርትዓዊ ብዘይኮነ መንገዲ ክነቕፉኹም እንከለዉ፣ ዘይተለመደ መጥቃዕቲ ንዓኹም ክርእዩን ኬሳቕዩኹምን ኬተስተብህሉ ክትጅምሩ እንከለኹም፣ ብዛዕባ'ዚ ተልእኾ ኣብ ልብታትኩም ምጥርጣር ንኽፈጥር ሰይጣን ዝካኣሎ ኩሉ ይገብር ከምዘሎ ክትፈልጡ ኣለኩም። ንሱን ሰዓብቱን ንዓኻትኩም ነቶም ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ዝተባረኽኩም ኩሉኹም ይቃለሱኹም ኣለዉ፣ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት። **ሓደ'ኳ ካባኻትኩም ካብቶም ነፍሲታት ኬድሕን ክትሕግዙኒ ትቃለሱ ብሰላም ኣይክገድፉኹምን ኢዮም። ብዙሓት ዕንቅፋት ኬጋጥሙኹም ኢዮም፣ መታን ካብ'ዚ ተልእኾ 'ዚ ክትርሕቁን ንቃለይ ክትክሕዱዎን። ነፍሲ ወከፍ እዚ ዝኾነሉ እዋን ብዑቕባይ ከምዝጋርደኩም ፍለጡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥኹም ህላወይ ክርዳኣኩም ኢዩ፣ እቲ ዝቃለስዎ'ሲ ንዓኻትኩም ዘይኮኑስ፣ ንዓይ ስለዝኾነ።**

**ንዓይ ብዘለኩም ፍቕሪ ክትህሰዩ እንከለኹም፣ እቲ ናተይ ቃንዛ ኢዩ ዝስማዓኩም ዘሎ። ናይ ጓሂ ንብዓት ክትነብዑ እንከለኹም፣ ንዓይ ስለእትስዕቡ፣ ከምኡ ድማ ብሰንኩ ክትሳቐዩ እንከለኹም፣ ንብዓተይ ኢዩ ካባኹም ዝወጽእ ዘሎ። ንዓኹም ኬስተናዕቑኹምን ኬባጭዉልኩምን ከለዉ፣ ንዓይን ንኹሉ ምሳይ ዝምድና ዘለዎን ኢዩም ዝጸርፉ ዘለዉ - ንዓኹም ኣይኮኑን። ንፍቕርኹም ክነጽጉዎን ሕቖኦም ክህቡኹም እንከለዉን፣ ካባይ ኢዮም ዝርሕቑ ዘለዉ።** ሽዑ ፍለጡ፣ እቲ እኳ ንስኻትኩም ከምኡ ዓይነት ከበድቲን ክቱር ዘጨንቑ ፈተናታትን ብስመይ ክትሳቐዩ እንከለኹም፣ ህላወ ናተይ ኣብ ዝላዓለ ደረጃ ዘሎ ምዃኑ። ብኸምዚ ኣገባብ ኣነ ክህሉ እንከለኹ፣ እቲ ስራሕ ናተይ ጥራይ ከም'ዚ ዓይነት ስቓይ ከምዝስሕብ፣ ብፍጹም ርግጽነት፣ ክትፈልጡ ኢኹም ማለት ኢዩ። **ሽዑ ኣነ ፈጺመ ከምዘይርሕርሓኩም ፍለጡ፣ ምኽንያቱ ንዓይ ዘለኩም ፍቕሪ ነቲ ዝላዓለ ዓስቢ ኣብ መንግስተይ ከምእትረኽቡ ክገብረኩም ኢዩ።** ብኸም'ዚ ዓይነት ኣገባብ ክትሳቐዩ እንከለኹም፣ ነፍሲታት ቴምጽኡለይ ኣለኹም፣ እቶም ነፍሲታት ንዓይ ዜምጽኡለይ ድማ ብኣካል፣ ነፍሲን መንፈስን ናተይ ኢዮም። ንስኻትኩም ኣብ ውሽጠይ፣ ምሳይን ኣለኹም፣ ኣነ ድማ ኣብ ውሽጥኹም ኣለኹ።

ኤፍቅረኩም ኢየ።

የሱስኩም

<u>ኩልግዜ ኣብ ግዜ ህጻንነተይ መን ምዃነይ እፈልጥ ነበርኩ</u>

ሓሙስ፣ ታሕሳስ 12፣ 2013 ሰዓት 23፣15

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ **መዓልቲ ልደተይ እንዳቐረበ ክኸይድ እንከሎ፣ ኣብ ኩሉ ዘለዉ ኩሎም ክርስቲያናት ናይ ዝተወለድኩሉ ምኽንያት ክሓስቡሉ እደሊ።**

**ናተይ ልደት ብኣቦይ ዝተወጠነሉ ምኽንያት ካብ'ቲ ዓብዪ ምሕረቱን ንደቁ ካብ ዘለዎ ኣዝዩ ዝተፈልየ ፍቕሪ ዝተላዕለን ኢዩ።** እቲ ኣዝዩ ዝዓበየ መስዋእቱ፣ ነቲ እንኮ ውሉዱ፣ ናብ'ታ ሞሳ ኣልቦ ዝኾነት፣ ከም'ቲ ንሱ ዝደልዮ ክፈልጥዎ ብዘይደልዩ ሓጥኣን ዝመልኤት ዓለም ምስዳዱ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ብመንገዲ፣ እቶም ነቢያታት ዝተገብረ ምትእትታው፣ ነተን ዝደንደና ልቢታቶም ንጸጋታቱ ከናድያ ንምምላስ ኢዩ ኔሩ። ግን ከኣ ኣንጻሩ ተገምጢሎም ነቶም ንነፍሲታቶም ዝኸዉን ቀለብ ዝቐለብዎም ነቢያት ቀቲሎሞም።

ንሓደ ንጹህ ህጻን፣ እቲ እንኮ ወዱ፣ ናብ ዓለም ብምልኣኹ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ንጎይትኦም ኬገልግሉ ዝግብኦም፣ ንገዛእ ርእሱ ከም ሓደ ትሑት ኣገልጋሊ ስጋዊት ነብሲ ገበራ። **ስለ'ዚ፣ እቲ ጎይታ፣ በቲ ኣዝዩ ዝዓበየ መልክዕ ትሕትና ክኸውን ዝኽኣለ፣ ኣገልጋሊ ኮነ።** ኾይኑ'ውን፣ ንደቁ ኣዝዩ ካብ ምፍቃሩ'ሲ፣ ካብ ናይ ሰይጣን ምትላልን ፈተናን ክመልሶም ድማ ዝኾነ ክገብር ተዳልዩ ነበረ።

ህጻን ኣብ ዝነበርኩሉ ኩል እዋን መን ምዃነይን ካባይ ዝጽበ ነገር እፈልጦን ነበርኩ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ መን ምንባረይን ካባይ ዝጽበ ነገር ብምፍላጠይ'ውን ኣዝየ እፈርሕን እጉባእን ነበርኩ። ሰብ ስለዝነበርኩ፣ ብፍርሒ ይሳቐ ኔረ። ብቐሊሉ ይጉዳእ ነበርኩ። ምሳይ ንዝራኸቡ ዝነበሩ ኩሎም ኤፍቅር ነበርኩ፣ ንኹሎም እውን እኣምኖም ነበርኩ ምኽንያቱ ኤፍቅሮም ስለዝነበርኩ። ክቐትሉኒ ምዃኖም እፈልጥ ኣይነበርኩን፣ ምኽንያቱ መንግስተይ መጺኡ ኢዩ ኢለ እኣምን ስለዝነበርኩ። ዝተወሰኑ ኣቦይ ዝሓብኣለይ ነገራት ኔሮም፣ ከም'ቲ ንስኹም ትኣምኑዎ ብዙሕ ምሳይ ምርድዳእ ይገብር ኣይነበረን። ኣብ ክንድኡስ፣ ኣቦይ ኣብ ዝደለዮ፣ ኣብ ውሽጠይ ዝሰርጽ ፍልጠት ይቕበል ነበርኩ፣ ነቲ ዝተመደብኩዎ ዕማም ብዝምልከት፣ ድሕነት ንኹሉ ንኼምጽእ።

ነቶም ንሕግታት ኣቦይ ንፈልጦ ኢና ኢለን ዝሓስባ ዝነበራ፣ ኮይኑ ግን ምስ ናይ ገዛእ ርእሰን ድልየታትን መንነትን ክሰማማዕ ዝጠዋወዩኦ ነፍሲታት ንምምላሰን ነፍሲ ወከፍ ዓይነት መለኮታዊ ምትእትታው ተጌሩ ኢዩ።

**ብዙሓት ዓመታት ምስ ፍቑራት ኣደይን ኣቦይ፣ ቅዱስ ዮሴፍን ኣሕሊፈዮም፣ ልክዕ ከም ዝኾነት ስድራ። ኣዝየ ኤፍቅሮምን ሕጉስን ድማ ነበርኩ። ኣዚና ኢና ንቀራረብ ኔርና፣ ከምኡ ድማ ኣደይ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ፍሉያት ጸጋታት ተዓዲላ ነበረት።** እዚ ድማ ተልእኾ ናተይ እንታይ ከምዝሓዘለ ብልክዕ ትፈልጥ ኔራ። እቶም ክገጥሙኒ ዘለዎም መከራታት ትፈልጦም ነበረት። እቲ ምንጻግ። እቲ ባጫ። እንተኾነ ግዳ ክቕተል ምዃነይ'ሲ ትፈልጥ ኣይነበረትን።

ድሕሪ እተን ናይ መጀመርያ ክልተ ዓመታት ኣብ ተልእኾይ፣ ኣብ መዓልቲ ዕስራ ሰዓታት ነቲ ሓቂ ክሰብኽ ኣብ ዝውዕለሉ ዝነበርኩ ኢየ እቲ ተቓውሞ ክልዕል እንከሎ ዝተገንዘብኩ። ኩሎም እቶም ንቃለይ ዝሰምዑ ነቚሖምሉ ነበሩ፣ ዋላ ብልክዕ እንታይ ክነግሮም እፍትን ኔረ ኣብ ዘይርድኡሉ ዝነበሩሉ ግዜ። ብዙሓት ነቲ ኣነ ዝነገርኩዎም ሓቂ ምኧኑ ዝተቐበሉዎ፣ ብሰንኪ ዝገጠሞም ባጫ ክስዕቡኒ ኣሸጋሪ ኮይኑ ረኺቦሞ። በዚ ኮነ በቲ፣ **ጸላእተይ ዕሽሽ ክብሉኒ ኣይካኣሉን። ናይ ብዙሕ ክትዓት፣ ብዙሕ ምጉት፣ ብዙሕ ምስሕሓብ ኣርእስቲ ነበርኩ።**

**ብዛዕባይ ብዙሓት ሕማቕ ሓሶታት ዘርግሑ፣ እንኮላይ ብዛዕባ ስነ-ምግባረይ፣ ጥዕና ኣእምሮይ፣ ከምኡ'ውን ሓሳባተይ - ኮይኑ ግን ንዝገበርኩዎ፣ ንዝተዛረብኩዎን፣ ብዛዕባ መንግስቲ ኣቦይ ንዝነገርኩዎም ዕሽሽ ክብሉዎ ኣይካኣሉን።**

**በቶም ዘፍቀሩኒ ኮይኑ ግን ንኽስዕቡኒ ትብዓት ዝሳኣኑ ተጠለምኩ።**

ብጸጋ ኣቦይ፣ ነዚ ኩሉ ስቓይ ተጻወርኩዎ፣ ክሳብ እቲ ናይ መወዳእታ ፍጻመ ዝበርሃለይ። ሽዑ፣ ክቐበሉኒ ከምዘይኮኑ ፈለጥኩ። ነቲ ሓቂ ፈለጥኩ፣ ኣጋ እቲ መወዳእታ፣ ኮይኑ ግን ክገድፎ ይኽእል ከምዘይነበርኩ እፈልጥ ነበርኩ። ብኸም'ዚ ድማ፣ በቲ ዝዓበየ ትሕትና፣ እግዚኣብሄር፣ ብመንገዲ እቲ እንኮ ወዱ፣ ግዳይ ኮነ'ሞ ሰብ ኣብ ልዕሌኡ ክቱር ስቓይ፣ መግረፍትን ጨካን ሞትን ኬውርደሉ ኣፍቀደ። በዚ ናይ ፈራሓት ዝመስል ግብረይ፣ ከም'ቲ ንየዒንቲ ሰይጣን ዝርኣዮ፣ ኣነ ብርግጽ ወዲ ሰብ ምንባረይ ተጠራጢሩ ኔሩ ማለት'ዩ። በዚ ድማ ንሱ ተታለለ። **ስለ'ዚ፣ ሰይጣን፣ ነዚ ዓብዪ ግብሪ ትሕትና ክጻረሮ ኣይካኣለን፣ ምኽንያቱ ኬስሕቶ ዝኽእል ኣይተረፈን።** ከም ፍቓደኛን ዕጉስን ግዳይ፣ ንደቂ ሰብ ብዘለኒ ፍቕሪ ተመሊኤ ናብ ሞተይ ምስ ከድኩ፣ ንሱ፣ ሰይጣን፣ ምስ'ዚ ተግባር ክወዳደር ኣይካኣለን፣ ምኽንያቱ ንሱ ዝኾነ ዓይነት ትሕትና ስለዘይውንን። ስለ'ዚ፣ ኣነ ብፍቓደይን ብዘቃጽል ድሌት ምድሓንን ነፍሲ,ታት፣ ከምኡ'ውን ንዓለም ሓድጊ ዘልኣለማዊ ሂወት ክገድፈላ ከይደ። እንተኾነ ግን መንግስተይ፣ ዝበዝሕ ክፋሉ ኣብ ቁጽጽር ሰይጣን ተሪፉ። እንተኾነ ግዳ፣ ነፍሲ,ታት፣ ነቲ ሓቂ ይፈልጥኦ ኔረን።

ሕጂ ደቂ ሰብ ነቲ ሓቂ ከምዝርድእዎ ንምርግጋጽ፣ **ሕጂ ንመንግስተይ ክምልስ መጺኤ ኣለኹ።** ከምኡ ብምግባረይ፣ ናይ ሰይጣን ቁጥዔ ኣውሪደ ኣለኹ። ነቲ ሓቂ ናይ ምሕባእ ውጥናቱ ገፋሕቲን ዝተራቐቑን ኢዮም። ነቶም ዝመጻኹሎም ነፍሲ,ታት ክኸልኣኒ ከም ናይ መወዳእታ ፈተነኡ፣ ብምትላል፣ ንቤተ ክርስቲያነይ ሰሊኹ ኣትዩዋ ኣሎ። እቶም ነታ ዝተመባጻዕኩሎም ኣደናቒት መንግስቲ ባህርያዊ መሰል ዘለዎም ነፍሲ,ታት። ኣብ ግዜ'ዚ ግን ኣይክስዕርን ኢዩ። እንተኾነ **ብዙሓት ነፍሲ,ታት በዚ ክህመሉ ብኸምዚ ድማ ካብ'ቲ ብፍቕር ኣቦይ ንደቂ ሰብ ዝተዋህበ እቲ ዝዓበየ ህያብ ኣታሊሉ ክትርፎም ኢዩ።** ብፍጹም ኣካልን ነፍሲን ንዘልኣለም ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ዘለዎ ሂወት ክትነብሩ ናትኩም ኢዩ። ኩሉኻትኩም። ንሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ክትያሩ ብምፍቃድ ነዚ ኣይተባኽንዎ።

ናትኩም የሱስ